# መድኃኔ ዓለም ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ሥርዓት ግዕዝ ለንደን



HOLY REDEEMER ERITREAN CATHOLIC

GHEEZ-RITE CHAPLAINCY
ST. AIDAN OF LINDISFARNE RC CHURCH
85 Old Oak Common Lane
London, W3 7DD
www.catholicgheez.org

**ጥሪ 2014**

# ቃል ቀመስ

## ነቲ ዚመጽእ ዘሎ ንጉሥ ኽንቅበሎ ንንቃሕ

ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ልደት ኽነብዕል ንቀራረብ ኣሎና። ንበዓለ ልደት ኣብ እንቀራረበሉ እዋን፥ ነቲ ብዝተፈላልየ ኣገባብ ናባና ዝመጸን ዚመጽእ ዘሎን ጌና'ውን ኺመጽእ ዘለዎን ኣምላኽና ብኸመይ ኽንቅበሎ ከም ዚግብኣና ኽንሓስብ የድልየና። ኵላትና ብዛዕባ ኽልተኣዊ ምጽኣት ኢየሱስ ማለት፥ ብዛዕባ ልደቱን ካልኣይ ምጽኣቱን፥ ንፈልጥ ኢና። እቲ ኣዝዩ ውሩይ ሲታዊ ቅዱስ በርናርዶስ በዓል ክለርቮ፥ ብዛዕባ ምጽኣት ኢየሱስ እንኪዛረብ፥ ብዘይካ እዘን ክልተ ኣመጻጽኣ ክርስቶስ፥ ሣልሳይ ኣመጻጽኣ ክርስቶስ'ውን ከም ዘሎ ይሕብረና።

እቲ ቀዳማይ ምጽኣት ክርስቶስ (ኣብ ልደቱ) ብሕቡእን ብትሕትናን እዩ ዝነበረ። እቲ ካልኣይ ምጽኣቱ (ኣብ መወዳእታ ዓለም ኪኸውን ዘለዎ) ድማ ብግህዶን ብኽብርን ኪኸውን እዩ። እቲ ሣልሳይ ዓይነት ዚበሃል ዘሎኸ ከመይ ዚኣመሰለ ኣገባብ ይህልዎ ኮን ይኸውን፧ ቅዱስ በርናርዶስ ኣብ ትምህርቲ ወንጌል ተመሥሪቱ ከም ዚሕብረና፥ እዚ ኣብ መንጎ ቀዳማይን ካልኣይን ምጽኣታት ክርስቶስ ዚኸሰት ሣልሳይ ዓይነት ምጽኣት፥ መንፈሳዊ እንኪኸውን፥ ክርስቶስ ኣብ ነፍስ ወከፍ ምእመን ብሕቡእን ብምጽንናዕን ዚመጾ ምጽኣት እዩ። ጐይታ ብኸምዚ ገይሩ ቃል ኣትዩልና ኣሎ፡- *"እቲ ዜፍቅረኒ ቃለይ ኪሕሉ እዩ፥ ኣቦይ ከኣ ኬፍቅሮ እዩ፥ ናብኡ መጺእና ድማ ኣብኡ ማኅደር ክንገብር ኢና።"* (ዮሓ 14፡23) ኢየሱስ፥ ናብቶም ዜፍቅርዎ *ምስ ኣቡኡ መጺኡ ኣብኦም ማኅደሪኡ ኺገብር* ምኽኣ ኣተስፍዩ ኣሎ። እዚ'ውን ንርእሱ ዝኸኣለ ምጽኣት ናይ ጐይታ እዩ። ቅዱስ በርናርዶስ ከም ዚብሎ፥ እቲ ሣልሳይ ምጽኣት እንብሎ፥ ካብ'ቲ ቀዳማይ ናብ'ቲ ካልኣይ ምጽኣት ዜሰጋግር ማእከላዊ ምጽኣት ጐይታ እዩ። ኣብ ቀዳማይ ምጽኣቱ፥ ክርስቶስ ከም ተበጃዊና (መድኅንና) መጺኡ፤ ኣብ ካልኣይ (ናይ መወዳእታ) ምጽኣቱ ኸኣ ሕይወትና ኾይኑ ኪመጽእ እዩ፤ ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ምጽኣቱ ኣብ ዚኸውን ሣልሳይ ምጽኣቱ ድማ ክርስቶስ ዕርፍትናን ምጽንናዕናን ኮይኑ እዩ ዚመጸና።

ንበዓለ ልደት ኣብ እንገብሮ ምቅርራብና ነዘን ነጥብታት እዚኣተን እንተ ዘከርና፥ ምልኣታዊ ምስንዳው ኽንገብር ይሕግዛና እየን። ማለት፥ ምጽእት ክርስቶስ ኣብ ልደቱ፥ ዝኃለፈ ኣረጊት ታሪኽ፥ ወይ ድማ ካልኣይ ምጽኣቱ ጌና ርሑቕን ዳርጋ ከም ዘየርክበናን ዘይምልከተናን ኮይኑ ንኸይስምዓና፥ ብኣንፃሩ ሎምን ሕጂን ክርስቶስ ናባና ከም ዚመጽእን ይመጽእ ከም ዘሎን ከነስተብህል ይሕግዛና። በዛ ሕጂ ኣብ ኢድና ዘላ እዋን ተጠቒምና፥ ንክርስቶስ ጐይታና ኣብ ሕይወትና እናንገሥና ብኽብሪ ኽንዕድሞን ኽንቅበሎን ንተባባዕ። ጐይታስ ኣብ ዝኃለፈ ታሪኽ ዚዝከር ታሪኸኛ ወይ ከኣ ኣብ ዘይጭቡጥ መጻኢ ኽትርእዮ እትጽበዮ ኣብ ሕልምኻን ሓስባትካን ዝተሰነደ ሃዋህው ዘይኮነስ፥ ብጭቡጥ ናብ'ዛ ዓለም'ዚኣ መጺኡ ድኅነት ዝኣወጀን ጌና ብሕጂ'ውን ዚመጽእን መድኅን እዩ። እዚ ጥራይ ግን ኣይኮነን፥ መዓልቲ መጸ ኽትቅበሎን ምሳኻ ኪነብር ኽትገብሮን እትኽእሎ ኣምላኽን መድኅንን እዩ። ንክርስቶስ ኣብ ዝበለየን ብሓመድ ዝጠቀረን ሰነዳት ታሪኽን ብራናታትን ጥራይ ክንዲ ተናድዮን፥ ኣብ መጻኢ ሕይወትካ'ውን ክትርእዮ ኢልካ እትትስፈዎን ኣምላኽ ጥራይ ጌርካ ክንዲ እትሓጽሮን፥ ሕጂን ኵሉ ግዜን ኣብ ሕይወትካ ኽትቅበሎ በዓለ ልደት ዕድል ይህበካ።

ዓመታዊ በዓለ ልደት ዜዘኻኽረና ዓቢይ ጕዳይ እንተደኣ ኣልዩ፥ ክርስቶስ ብሥጋ ከም ዝተወልደን ኣብ ማእከልና ከም ዝኃደረን ኃውናን መድኅንናን ከም ዝኾነን እዩ። እቲ ሥጋን ዝለበሰ መድኅን ስሙ ኣማኑኤል (ኣምላኽ ምሳና) እዩ። እወ፥ ንሱ ቅድሚ ክልተ ሽሕ ዓመታት ብሥጋ ተወሊዱ ኣብ ማእከልና ኃዲሩ እዩ፥ ጌና'ውን ንሓንሳብን ንሓዋሩን ንዓለም ኪፈርዳ ኪመጽእን እዩ። ሕጂ'ውን ምሳና ኣሎ፤ ኣብ ሕይወትና እንተደኣ ዓዲምናዮ፥ ኣብ ዝደለናሉ እዋንን ቦታን ብምጽንናዑን ብሰላሙን ናባና ይመጽእ እዩ። ስለዚ፥ ኣብ'ዚ በዓልና'ዚ ንክርስቶስ ኣብ ዝኃለፈ ታሪኽን ጌና ኪኸውን ኣብ ዘለዎ ምጽኣቱን ክንዲ ነናድዮ፥ ሕጂ ኣብ ልብና ከም ዚውለድን ዚኃድርን ንግበሮ። ምኽንያቱ ንሱ ሕያው እዩ፤ ምሳና ኪኀድር'ውን ይደሊ ኣሎ። ስሙ ንዘለዓለም ይባረኽ። ርሑስ በዓለ ልደትን ሰላማዊ ሓድሽ ዓመትን ይግበረልና። ኣሜን።

ኣባ ኤፍሬም ዓንዶም

# ሰማያዊ ሓጎስ ብግዜ ልደት

እዚ ዘለናዮ ቅንያት ልደት ጎይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣማንን ዘይኣማንን ብሓደ ዝሕጎሱሉ መግለጺ ሓጎሶም ድማ ህያባት ዝለዋወጡሉ ቅንያት ኢዩ። እዚ ሓጎስ እቲ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ሰማይ ዝፋኑን ኣምላኽነቱን ገዲፉ ከምቲ እግዚኣብሔር ኣቦ ብነብያት ኣቐዲሙ ኣትስፍዩና ዝነበረ (ኢስ 7፡14-16, ሚክ 5፡2) ኣብ ምዱብ ጊዜኡ ኣብ ቤተ ሊኄም ምስ ተወልደ ዝጀመረ ሓጎስ ኢዩ። ልደት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንታሪኽ ወዲ ሰብ ሓንሳብን ንሓዋሩን ለዊጥዎ፡ እቲ ንወዲ ኣዳም ድኃነት ብተስፋ ተነጊረዎ ዝነበረ ብልደት ኢየሱስ ግብራዊ ኮይኑ። ብሥራት ልደት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቶም ጓሶት ምስተነግሮም እቲ ሓጎስ ንደቂ ሰብ ጥራሕ ዝተሓጽረ ኣይነበረን፡ ጨፍራ መላእኽቲ ሰማይ’ውን መግለጺ ሐጎሶም መዝሙር ሰላም ዘመሩ (ሉቃ 1፡14) ። እዚ ከኣ ልደት ጎይትና ኢየሱስ ክርስቶስ ክሳብ ክንደይ ዓቢ ትርጉም ከምዘለዎ ዘመልክት ኢዩ ።

ዓመት መጸ ልደት ጎይታና ኢይሱስ ክርስቶስ ዘዘኻኽረና ሂወትና ኣብ’ዛ ምድራዊት ዓለም ተሓጺራ ከም ዘይትተርፍ እንታይ ደኣ ናብ ናይ ዘልኣለማዊ ሂወትን ሓጎሰን እንሰጋገረሉ መገዲ ምዃኑ ንርዳእ። ብምኽንያት ልደት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓጎስና እናሻዕ ክኃደስ፡ ናይ ድኃነት ተስፋና ፍጹም ከምዝኾነ ክንርዳእ፡ ንቕድሚት ናብ ፍጽምና ገጸና ክንጥምት የዘኻኽረና። ልደት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ በዚ እዋናዊ ናይ ዓለም ጸገማት ክይተሰናኸልና ብመናፍቕነት ክይተደናገርና ኣሰር ኃዋርያት ተኸቲልና ብቤተክርስትያን እናተመራኅና ኣኽሊል ዓወት ክንሸለም ኢዩ ዘመልክተልና። እዚ ብምኽንያት ልደት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝረኽብናዮ ሓጎስ ምሉእ መታን ክኸውን ነቲ ነዚ ሰማያዊ ሓጎስ ክብርዞ ዝኽእል ኣሉታዊ ባህርያትናን ናብ ኅጥያት ዝመርሓና ልምድታትናን ኣላሊና ክናልዮ ንመባጻዕ። ኣብ’ዚ ሓዲሽ ዓመት ንጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እንህቦ ናይ ሓዲሽ ዓመት ህያብ ካብቲ ንዕኡ ዘየሕጉሶ ባህርያትና ንነፍሰና ክንገትኣ ቃል ምእታው ኢዩ። ኣስር ቅድስቲ ሉቺያ ብምኽትል ነቲ ክቑረጽ ዘለዎ ባህሪና ብምቑራጽ ነቲ ካብ ቦታኡ ክቡንቆስ ዘለዎ ብምሙንቃስ ንክርስቶስ ክንመሰል ንመባጻዕ። ኣፈ ታሪኽ ከም ዝገልጾ ቅድስቲ ሉቺያ (283-304) ሂወታ ምሉእ ብምሉእ ንክርስቶስ ወፍያ ትነብር ነበረት፡ ሓደ ሰብ ግና ንጽባቐ የዒንታ የድንቖ ሰለ ዝነበረ ካብኡ መታን ክትርሕቕ ክልተ ኣዒንታ ኣውጺኣተን። በዚ መንገዲ ድማ ኃይወታ ምስ ክርቶስ ብምቕራን ብሰማእትነት ሓሊፋ። ከምኡ’ውን ካብ ቅድስ ኣጎስጢኖስ ተማሂርና ናይ ምምላስ ግዜና ክየደናጎና ተባዕ ሰጉምቲ ብምውሳድ ምምላስና ሓንሳብን ፍረ ዘለዎን ክኸውን ንመብጻዕ። ሓደ ካብቲ ንምምላስና ዘቀላጥፎን ንቕድሰናና መገዲ ዝጸርግን ቅልጡፍን ተባዕን ሰጉምቲ ብምምውሳድ ኣንፈት መንፈሳዊ ጉዕዞና ምቕናዕ ኢዩ። ሰለዚ ኣብዚ ድሮ ጀሚርናዮ ዘሎና ዓመት ንጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክንኣትወሉ ንላበዎ መብጽዓ እንተሃልዩ ካብቲ ንድሕሪት ዝጎተና ባህሪና ተናጊፍና ኣብ መስርሕ ሰብከት ወንጌል ተኻፊልቲ ምዃን ኢዩ። እግዝኣብሄር ኣብ ኩሉ እንወስዶ መንፈሳዊ ውሳኔ ኩሉ ግዜ ምሳና ይኹን። ኣሜን።

# መደብ ቤተ ክርስትያን

ክቡራን ምእመናን እዚ ኣብ ታሕቲ ተሰሩዑ ዘሎ መደባት መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስትያን ኣብ ዝጠዓመኩም መዓልትን ሰዓታትን ክትሳተፉ ብትሕትና ንሓትት። ቦታ (East Acton St.Aidan of Lindisfarne )

1. ካብ 6፡30 ድ፡ቀ- 9፡15 ድ፡ቀ ኩሉ ግዜ ሰሉስ ብመቑጸርያ ዝጀመረ ናይ መጽናዕቲ ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ስርዓተ ኑዛዜ ይወሃብ።
2. ካብ6፡30 ድ፡ቀ– 9፡15 ድ፡ቀ ኩሉ ግዜ ሓሙስ ብመቑጸርያ ዝጀመረ ጸሎትን ትምህርትን መደብ ስርዓተ ኑዛዜ ኣሎና። ከምኡ`ውን መጀመርያ ወርሒ ናይ ሓሙስ ስርዓተ ቅዳሴ ኣሎና።
3. ካብ 6፡30 ድ፡ቀ-9፡15 ድ፡ቀ ኩሉ ግዜ ቀዳም ማኃበር መዛምራን መድኃኔ ዓለም መዝሙር ልምምድን መጽናዕቲ ቅዱስ መጽሓፍን (Our Lady of Fatima church white city.)
4. ካብ ሰዓት 1.00 ድ፡ቀ ዝጅምር ኩሉ ጊዜ ሰንበት ስርዓተ ቅዳሴ ክምዘሎ ነዘኻኽረኩም።

# ሓበሬታ

ክቡራን ምእመናን ዝኾነ ጉዳይ ሃሊኩም ንኣባቴ ክትረኽቡሉ እትኽእሉ መዓልታትን ሰዓታትን እዚ ዝሰዕብ ኢዩ፡

ሰኑይ ክሳብ ረቡዕ 10:30 ቅ፣ቀ– 18፡00 ድ።ቅ

ዓርቢ 10፡30 ቅ፡ቀ– 18፡00 ድ፣ቀ

ኣባ ኤፍሬም ዓንዶም ፡-02087438315

ከምኡ`ውን ጻዊዕትኩም ክምልስሉ ኣብ ዘይክእልሉ እዋን መልእኽትኹምን ምሉእ ስምኩምን ክትገድፉ ብትሕትና ንሓትት።

ሰንበት ድሕሪ ስርዓተ ቅዳሴ ድማ ነዘን ኣስማተን ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ኣሓትና ብምርካብ ጉዳይኩምን መልእኹምን ከተሳልጡ ብዝያዳ ድማ ምሉእ ሓበሬታ ካብአን ክትረኽቡ ትኽእሉ።

**ሄለን በረኸት ፡ ዮዲት ብርሃነ**

ክቡራን ምእመናን ዝኾነ ኣባል መድኃኔ ዓለም ኮይኑ፡ ኣብ ከባቢና እንፈልጦም ሕሙማት ክብጽሑ ዘለዎም፡ ወይ`ውን ክሽምገሉ ዘለዎም፡ ብሓፈሻ ብኣገዳሲ ጉዳይ ክብጹሑ ኣለዎም እንብሎም ምስ ዝህልዉ በዚ መሰረት ንሽማግለ ቤተ ክርትስያን መድኃኔ ዓለም ክትሕብሩና ብምሕረት ኣምላኽ ንሓተኹም።

ንሊፍለትና ዝምልከት ዝኾነ ርእይቶ ወይ መንፈሳዊ ጽሑፍ እንተ’ለኩም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ሰደዱልና፥

eliasmg81@yahoo.com ወይ ከኣ

To Communication group

C/o elias mehari

36 chandos road

N17 6HN

ኢልኩም ልኣኹልና። የቐንየልና።